## ናይ ደገፍ መልእኽቲ ናብ 6ይ ጠቕላል ሃገራዊ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ

## ቍጽሪ 8. ኤርትራዊ ማእከል ኣገልግሎት ዜና

ኣሕዋት ኣቦ መንበርን ኣባላት ሰክረታርያ ጉባኤን
ኣሓዋትን ኣሓትን ኣባላት ጉባኤ
ኣሕዋት ተጋደልቲ ኣቦ መንበርን ኣባላት መሪሕነት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን

ብስመይን ብስም ብጾተይ ኣባላት ኤርትራዊ ማእከል ኣገልግሎት ዜናን፡ ጉባኤኹም ኣብ እተወሰነሉ ዕለት ከተካይዱ ምብቃዕኩም እንቛዕ ሓጐሰኩም ክብል እፈቱ። ንሕናን ብዙሓት ደገፍትን ፈተውትን ተጋዳላይ ዝኾነ ውድብኩም፡ ጉባኤኹም፡ ንጉዕዞ ሃገራዊ ተጋድሎና ዘሐይልን፤ ምስ'ቲ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብቦታውን ዞባውን ክሊ ዘጋጥም ዘሎ ዕቱብ ብድሆታት፤ ብፍላይ ከኣ፡ ምስ'ቲ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ዝግሃድ ዘሎ ጥንቃቐን ንቕሓትን ናይ ኵሉ ኣህዛብ ናይ'ቲ ዞና ዝሓትት ሓድሽ መድረኽ ዝሳነ መሃዚ ውሳኔታት ሒዙ ክወጽእ ንምነ። ከምኡ ውን፡ ብህልውናን ብስምዒትን ዕዱም ኣባል ናይ'ዚ ብተወፋይነቱ ዝልለ ተጋዳላይ ውድብ ምኻነይን፤ ናይ'ዚ ጽንብል'ዚ ንጥፈታት ብተኣማንነት ዘንጻባርቕ ናይ ዜና ተዓዛቢ ኰይነ ብምዕዳመይን ሓበንን ሓጐስን ይስምዓኒ። እዚ ዕድመ'ዚ ንኤርትራውያን ጋዜጠኛታት ክብሪ ስለዝኾነ፡ ኣብ'ዚ ጉባኤ'ዚ ንዝግሃዱ ተረኽቦታትን ውጺኢታትን እሙናት መሰኻኽር ክንከውን ምኻና ቃል ንኣትወልኩም።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ በቲ ዓቢ ተጋዳላይ ስዉእ ስዩም ዑቝባሚካኤል ኣብ ጉዕዞ ናይ ኤርትራዊ ደምበ ተቓውሞ ዝገደፎ ሃጓፍ ልክዕ ከማኹም ሓዘን ከምዝስምዓና ከረጋግጽ እፈቱ። ነቲ ኣብ ነፍስወከፍ ዓመት ብስም ስዉእ ስዩም ንምርኡይ ዲሞክራስያዊ ስርሓት ንዝፈጸሙ ጋዜጠኛታትን በርጌሳውን ናይ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ማሕበራትን ብልጫ ንምሃብ ብውድብኩም ዝተወስደ ተበግሶ፡ ካብ ማእከል ጉባኤኹም ኰይና ደገፍና ንገልጽ።

ጉባኤኹም ብዓወት ክዛዘምን ንጉዕዞ ሃገራዊ ተጋድሎ ዘሓይል ውሳኔታት ከሕልፍን ንምነ። ከምኡ ውን፡ ንዝተገብረልና ዕድመ ደጊምና ነመስግን።

ጀማል ዑስማን ሁመድ
ኣካያዲ ኤርትራዊ ማእከል ኣገልግሎት ዜና
23.07.2006